ብዝሒ ተመሃሮ ገለ እዋን ናርኮቲካ ዝጠዓሙ (ዝፈተኑ)።




90 ሚእታዊት ካብቶም ናርኮቲካ ዝወሰዱ ካናቢስ ኢዮም ተጠቂሞም

ምንጪ፡ ልምዲ ናርኮቲካ ኣብ ምዕራባዊ ዮታላንድ 2016. ካን (CAN)

## መወከሲ ሓበሬታታት

Police 114 14

## ብተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ

www.drugsmart.com
www.can.se
www.tonårsparlören.se
www.cannabishjalpen.se
www.umo.se
www.lansstyrelsen.se/vastragotaland/cannabis

LÄNSSTYRELSEN
VÄSTRA GÖTALANDS LÄN
County Administrative Board

"Till dig som är tonårsförälder om cannabis" ISBN: 978-91-87423-12-3 Foto: Pavel Ševela /Wikimedia Commons, Stormwarning, gigi galoazzo, Tin Can Studio /Flickr. Foto framsida: Ida Edgren

# ንዓኻ ኣብ ከባቢ 13 - 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ውላድ ንዘለካ

# – ብዛዕባ ካናቢስ



# ጭብጢታት

- ካናቢስ እቲ ኣብ መንእሰያት ኣዝዩ ግኑን ዝኾነ ዘይሕጋዊ ዕጸ ፋርስ ኢዩ።
- ካናቢስ ምስዝርከበካ ምኽንያቱ ብዘየገድስ ዘይሕጋዊ ኢዩ፣ ምብቋል፡ ምሻጥ፡ ምዕዳግ፡ ምጥቃምን ምቕማጥን።
- እዚ ሕጂ ዝሸየጥን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዘሎ ካናቢስ ካብቲ ብ 70'ታት ዝነበረ ካናቢስ ዝሓየለ ኢዩ።
- ስፓዩስ (spice) ብዙሕ ዝውቱር ኮይኑ ዘሎ፡ ዝደርቑ ዓይኒ ዓተራት ዝሓዘ ክነሱ ናይ ካናቢስ ጋዝ ዝተነፍሖ ኢዩ።
- ዝበዝሑ ካናቢስ ዘትክኹ መንእሰያት ብሽጋራ ምትካኽ ኢዮም ዝጅምሩ።
- ካናቢስ ንመጀመርያ ግዜ ክፍትኑ ከለው፡ ኣልኮላዊ መስተ ድሕሪ ምስታዮም ኢዩ።
- ዝበዝሕ እዋን ካናቢስ ካብ ዓርኪ ወይ ናይ ዓርከይ ዓርኪ ኢዩ ዝርከብ። ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ናእሽቱ ግላዊ ፌስታታት ይዝውተር።



# ኣስተብህል

ንወለዲ ውላዶም ካናቢስ ከም ዝወስድ ከስተብህሉ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ድኻም፡ ሸለልትነት፡ ምቕያሕ ኣዒንቲ፡ ምቁር ኣብ ኣፍ ዝኣቱ ምድላይን ናይ ጠባይ ምቅይያርን ገለ ምልክታት ናይ ናርኮቲካ ምውሳድ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ወይ ድማ ውላድካ ኣብ ከባቢ 13 -19 ዕድመ ናይ ምኳን ምልክት'ውን ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ገለ ዝጭበጥ ነገር ምርካብ እቲ ዝሓሸ ኢዩ። ንኣብነት ናይ ሽጋራ መጠቕለሊ ወረቐት እንተሃልይዎም፤ ምኽንያቱ መንእሰያት ባዕሎም ጠቕሊሎም ሽጋራ ከትክኹ ልሙድ ኣይኮነን። ኩነታት ትምህርቶም ምክትታል ኣገዳሲ ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ካናቢስ ዘዘውትር መንእሰይ ትምህርቱ ብዝግባእ ክከታተል ብዙሕ ስለዘሸግሮ። ካብ ትምህርቲ ምዝንባልን ምብኳርን ገለ ካብቶም ምልክታት ናይ ምጥቃም ካናቢስ ኢዮም።

ካናቢስ መጠቓለሊል ስም ናይ ማሪዋና ሓሽሽን ናይ ካናቢስ ዘይትን ኢዩ።



ወላዲ/ት ገለ ነገር ጌጋ ምስዝህሉ ነብሱ/ሳ ይነግሮ/ራ ኢዩ!





# ሳዕቤናት ናይ ካናቢስ

መብዛሕትኦም ካናቢስ ዘትክኹ መንእሰያት ካናቢስ ፍሱህን ሕጉስን ይገብረካ ፡ ሓደሓደ እዋን ፍሽኽ ፍሽኽ የብለካ ጸኒሑ ግን ህዱእን ዝተዛነኻን ይገብረካ ይብሉ። ግን ኩሉ ሰብ ሓደ ዓይነት ስምዒት ኣይስመዖን ኢዩ። ካናቢስ ነባሪ ዝኾነ ዘይተጸበናዮ ሳዕቤናት የስዕብ። ኣእምሮና ምስተተንከፈ ሓሳባትና ፋሕ ይብልን እንህቦ መልሲ ድማ ሓሲብና እንምልሶ ኣይከውንን። ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገብረ ነገር ክንዝክር የሸግረና፡ ሓድሽ ነገር ክንመሃር'ውን ኣጸጋሚ ይኾነና። ካልኦት ከበድቲ ሳዕቤናት ድማ ከም፡ ከቢድ ፍርሒ፡ ምርባጽን ከቢድ ናይ ኣእምሮ ጸቕጥን ኢዮም። ብተወሳኺ ትኪ ናይ ካናቢስ ካብ ናይ ሽጋራ ትኪ ዝያዳ ሓማም መንሽሮ (cancer) ከስዕብ ይኽእል። ካናቢስ ምውሳድ እዞም ዝስዕቡ ማሕበራዊ ሳዕቤናት የኸትል፡ ሽግር ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ምቅይያራት ናይ ኣዕሩኽን ግርጭትን። ውላድካ ዕጸ ፋርስ ዘዘውትር እንተድኣኰይኑ እሞ እዚ ተግባር'ዚ ንፖሊስ እንተተሓቢሩ፡ ንኣብነት መዘወሪ ማኪና ፍቓድ ምርካብ፡ ናብ ኣሜሪካ ንምጋሽ ፍቓድ ምርካብ ዝኣመሰሉ ኣጸገምቲ ይኾኑ። ገለ ገለ ስራሓት ንምርካብ'ውን ኣጸጋሚ ክገብሮ ይኽእል ኢዩ።



# ከም ወላዲ እንታይ ክገብር እኽእል?

- ኣብ ስምዒታትካ ተኣማመን። ገለ ነገር ጌጋ ኣሎ ዝብል ስምዒት እንተሃልዩካ፡ ጌጋ ከይሃለወ ኣይተርፍን ኢዩ።
- ወስን'ሞ ምስ ውላድካ ተዘራረብ። ሓበሬታታት ኣንብብ'ሞ ተመያየጥ!
- ምስ ካልኦት ወለዲ ተዘራረብ። ምስ ካልኦት ወለዲ ምዝርራብ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።
- ውላድካ ዘትክኽ ከይከውን ኣስተብህል፡ ኣልኮላዊ መስተ ንውላድካ ካብ ምግባዝ ተቖጠብ።
- ዘሻቕል እንተሃልዩካ ወይ ክትሓትት እንተደሊኻ ምስ እዞም ኣስማቶም ብድሕሪት ተጠቒሶም ዘለዉ ሰባት ተዘራረብ። ሓበሬታ፡ ደገፍን ምኽርን ከወፍዩልካ ይኽእሉ።
- ካናቢስ ምውሳድ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ሽጋራ ምትካኽን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይን ዝተዛመዱ ኢዮም።
- ዘሻቕል እንተሃልዩካ ወይ ክትሓትት እንተደሊኻ ምስ እዞም ኣስማቶም ብድሕሪት ተጠቒሶም ዘለዉ ሰባት ተዘራረብ። ሓበሬታ፡ ደገፍን ምኽርን ከወፍዩልካ ይኽእሉ።